# Death Announcement

## Nega Haile Kahsu (January 7, 1949—March 9,2012)



**Nega Haile (third from left) with his friends getting ready to plant olive seedlings at Park Sema'tat**


Nega Haile planting an olive seedling at Park Sema'tat

# ሓጺር ታሪኽ ሂወት ኣቶ ነጋ ሃይለ ካሕሱ

ኣቶ ነጋ ሃይለ ካሕሱ ካብ ኣብኡ ብላታ ሃይለ ካሕሱን ኣዲኡ ው/ሮ ክብራ የውሃንስ ግርማይን ኣብ ጥሪ 7፡ 1949፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ፡ ኢትዮጵያ፡ ተወሊዱ።

ናይ መባእታን ማእከላይን ካልኣይ ትምህርቱ ምስ ወድአ ኣብ 1968 ኣብ ሃይለስላሴ ዩኒቨርስቲ ኣትዩ ትምህርቱ ክከታተል ጀሚሩ። እንተኾነ ኣብ'ቲ ዩኒቨርስቲ ምስቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ኩነታት ትምህርቱ ክቕጽል ስለ ዘይከኣለ ኣብ 1972 ንሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣምሪሑ። ኣብ ኣመሪካ ስራሕ እንዳሰርሐ ትምህርቱ ብምቕጻል ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኦፍ መሪላን ኢስተርን ሾር ካምፓስ ኣትዩ ብናይ ኣግሮ ኤኮኖሚክስ ቀዳማይ ድግሪ ኣብ 1975 ረኺቡ።

ኣቶ ነጋ ስርሑን ትምህርቱን እንዳካየደ እንከሎ ኣብቲ ዝካየድ ዝነበር ሃራዊ ቃልሲ ንጡፍ ተሳታፋይ'ዩ ነይሩ። ኣብ ኣመሪካ ካብ ዝኣቱ ኣትሒዙ ኣባል ማሕበር ኤርትራውያን ንናጽነት ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ብምዃን ብዝተፈላለየ ደረጃታት ሓላፍነት ኣገልጊሉ። ክሳብ ተሓዝ ገንዘብ ናይ መላእ ማሕበር'ውን በጺሑ። ንማሕበር ተማሃሮ ሰሜን ኣመሪካ ወኪሉ ንሜዳ ኣብ 1978 ኣትዩ ኣብ'ቲ ኣብ ከረን ዝተኻየደ መስራቲ ጉባኤ ማሕበር ተማሃሮ ተሳቲፉ። ክሳብ ናጽነት ከኣ ሃገራዊ ጉቡኡ እንዳ ኣበርከተ ተቓሊሱ።

ድሕሪ ናጽነት'ውን ከም ኩሉ ሃገራዊ ኤርትራዊ ንሃገሩ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት እንዳመጸ ኣብ'ቲ ዳግመ ህንጻ ሃገር እጃሙ ኣበርኪቱ ኢዩ። ኣብ ምምስራት ማሕበረ ኮም ተመለስቲ ካብ ኣመሪካን ካናዳ'ውን ዓቢ ተራ ነይርዎ እዩ።

ኣቶ ነጋ ሃይለ ንሃገሩ ጠቕሊሉ ንክኣቱ ባይታ ኣብ ምጥጣሕ እንከሎ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ሆስፒታል ሰምበል ክሕከም ድሕሪ ምጽናሕ ብዕልተ 9/03/2012 ሰዓት 7፡ 00 ናይ ንግሆ ዓሪፉ።

ነጋ ምስ መሳርሕቱን ኣዕርኹቱን ምቕሉሉን ትሕትና ዝመልኦ ትዕግስተኛ ሰብ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ግዜ ጸወታ ጸወታ፡ ኣብ ግዜ ቁምነገር ከኣ ቁምነገር ፈልዩ ዝትግብር ኣስተዎኣሊ'ዩ ነይሩ።

ነጋ ኣቦ ሓንቲ ጓልን ክልተ ኣወዳትን ኢዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ዕለት ሎሚ ዕለት 10/03/ 2012 ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ዓዱ በለዛ መላእ ቤት ሰቡን፡ መሳርሕቱን ፈተውቱን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብክብሪ ተፈጺሙ።

ብሞት ኣቶ ነጋ ሃይለ መሪር ሓዘን እንዳ ተሰማዓና ንመላእ ቤተ ሰቡ ጽንዓት ይሃብኩም ንብል።

ዓወትንሕፋሽ!!
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና!!

ማሕበር ተመለስቲ ኤርትራውያን ካብ ኣመሪካን ካናዳን

# A short history of Nega Haile Kahsu

Mr. Nega Haile Kahsu was born from his father Blata Haile Kahsu and his mother Mrs. Kbra Yohannes Girmay on January 7, 1949, in Addis Abeba, Ethiopia.

He entered Haile Selassie University in 1968, after completing his Elementary, Junior and Secondary Education. However, due to the bad political situation in the University at that time, he left the University in 1972, and went to the United States of America. In the United States he worked and continued his education at the University of Maryland Easter Shore Campus. He received his first degree in Agro-Economics in 1975.

Mr. Nega was very active in the struggle for Eritrean Independence, while working and going to school. He joined the Eritreans for Liberation in North America and served in various roles in that organization, including as the National Treasure. He, also, represented Eritrean Students in North America and went to the Eritrean field to attend the founding of the mass student organization at Keren in 1978. Until the independence of Eritrea he remained an activist and fulfilled all his obligations and duties.

After independence, as all nationalists, every year he came to Eritrea to participate in the rehabilitation and development of his beloved nation. He was one of the key members in the founding of the North American Eritrean Community Association in Asmara.

Mr. Nega Haile was preparing to move permanently to Eritrea when he died from a disease he struggled for awhile. He died on March 9, 2012 at 7:00 AM.

Nega was a loving, polite and patient person. He was full of humor and a hard working individual. He is survived by two boys and one girl.

Nega's funeral service was done with honor, today, March 10, 2012, at Beleza, Zoba Maekel, with all his family, friends and co-workers attending.

On the passing away of our beloved brother, with deep and bitter sorrow we offer our condolences to his family.

Victory to the Masses!!
In Memory and Glory to our Martyrs!!

North American Eritrean Community Association.